ሰላም፣ እንቋዕ ትሰምዑና ኣለኹም።

ሓበሬታ ብዛዕባ ቀረብ „Familienlotsinnen und Familienlotsen Baselland“ (ደቂ ኣንስትዮ ኣለይቲ ስድራ ቤታትን ደቂ ተባዕትዮ ኣለይቲ ስድራ ቤታትን ኣብ ባዘልን ከባቢኡን) ብቋንቋ ትግርኛ ትሰምዑ ኣለኹም።

ምስ ነኣሽቱ ቆልዑ ሂወት ብዙሕ ጊዜ ዘደስት ኢዩ- እንተሓንሳብ ከምኡ ልክዕ ኣዚዩ ብዙሕ ዓቕሚ ዝሓትት ኢዩ። ብዙሓት ደስ ዘብሉ እዋናት ኣለዉ፣ ግን ከምኡ ከኣ ሕቶታት፣ ሻቕሎታት ወይ ጊዜታት ኣለዉ፣ እንታይ ክትገብር ከምዝለካ ዳርጋ ዝጠፍኣካ።

ልክዕ ኣብ ከምዚ፣ ደቂ ኣንስትዮ ኣለይቲ ስድራ ቤታትን ደቂ ተባዕትዮ ኣለይቲ ስድራ ቤታትን ክተሓጋገዙ ይኽእሉ ኢዮም።

ንሳቶም ንነኣሽቱ ቆልዑ ዘለዉዎም ስድራ ቤታት ዘሰንዩ ተመክሮ ዘለዎም ሰብ ሞያ ኢዮም።

ንሳቶም ጊዜኦም የወፍዩ፣ የድምጽኹም፣ ሓበሬታታት ይህቡን ይድግፉን፣ በዚ ኣቢልኩም ንስኹም ንኩነታት ብልክዕ ንክትርድኡን ዝሰማምዑ መፍትሒታት ንስድራ ቤትኩም ንክትረኽቡ ንክትክእሉን። እዚ ቀረብ ብነጻ ድሌት ዝካየድን ገንዘብ ዘይክፈሎን ኢዩ።

ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ኣላዪት ስድራ ቤት ወይ ሓደ ወዲ ተባዕታይ ኣላዪ ስድራ ቤት ናብ ገዛኹም ይመጽእ ወይ ከኣ ኣብ ሓደ ካልእ ክልቴኹም ዝተሰማማዕኩምሉ ቦታ ይመጽኡ። ሓቢርኩም ተናድዩ፣ ኣብ እዚ እዋን እንታይ ዝያዳ ኣገዳሲ ከምዝኾነ -ንኣብነት ደገፍ ኣብ መዓልታዊ ናብራ፣ ሓገዝ ኣብ ምእላይ ቆልዑት ወይ ምርኻብ ምስ ሓደ ዝሰማምዓኩም ቦታ ምኽሪ።

ኩሉ እቲ እትዘራረብሉ ብምስጢር ዝተሓዝ ኢዩ። ናትኩም ሓበሬታታት ብናትኩም ምስምማዕ ይመሓላለፉ።

ንስኹም ባዕልኹም ትውስኑ፣ ነዚ ቀረብ ክትጥቀምሉ ትደልዩ እንተኮይንኩምን - ንክንደይ እዋንን። እዚ ብነጻ ድሌት ዝካየድ ኢዩን ኣብ ዝኾነ እዋን ከተቋርጽዎ ትኽእሉ ኢኹምን።

ኣብ መጨረሽታ ክልተ ሕቶታት፣

1.ንስኹም ብነጻ ድሌት ዝካየድን ገንዘብ ዘይክፍሎን ደገፍ ብሓንቲ ናይ ስድራ ቤት ኣላዪት ወይ ብሓደ ናይ ስድራ ቤት ኣላዪ ትደልዩ ዶ?
2.እቲ ናትኩም ሓበሬታታት ንበዓል ሞያ ሰብ ክመሓላልፈሉ ተፍቅዱ ዲኹም፣ ምእንቲ እቲ ሰብ ምሳኹም ርክብ ከካየድ ክኽእል?

እንተደኣ „ሕራይ“ ኢልኩም፣ ኣብ እዞም ዝመጽኡ መዓልትታት ሓደ ሰብ ደሃይ ክገብረኩም ኢዩ። ብሓንሳብ ምስኡ ንስኹም ኣብ እዚ እዋን ኣየናይ ሓገዝ ብዝሓሸ ከምዘድልየኩም ትዘራረቡ።

እንተደኣ ድሌትኩም ኮይኑ፣ ኣብ እቲ ናይ መጀመርያ ርክብ ሓንቲ ተርጓሚት ወይ ሓደ ተርጓማይ እንተደኣ ትድልዩ ኮይንኩም ክትነግሩ ትኽእሉ ኢኹም።

የቕንየልና ጽን ኢልኩም ዝሰማዕኩምና- ንዓኹምን ንስድራ ቤትኩምን ሰሰናዩ ንምነየልኩም።